

# ኤርትራ
# ከርሲ መሬታ ወትሩ
# ኣንጻር ጸላእቱ ምስ መከተ እዩ !

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ መለለዪ ባህሪ ዘለዎ ስልጡንን ምዕቡልን ቅዱስን ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ወትሩ እንትርፎ ሰላምን ብሓባር ተኻፊልካ ንሕማቕ ግዜ ምስጋር እንተዘይኮይኑ ሓዊ ምጽሕታርን ንዓይ ይጥዓመንን በሃሊ ህዝቢ ኣይኮነን። እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ሕሉፍ ታሪኹ ብሓባር ብስኒትን ሰላምን ምንባር እንተዘይኮይኑ ኣብ ነንሓድሕዱ ባእስን ግርጭትን ኣርእዩ ዘይፈልጥ ቅዱስ ህዝቢ እዩ። ንሕና ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ይኹን ፈታኒ ኩነታት ክንርእዮ እንከሎና ዘይርዕድ ዘይሽበር ዘይህወኽ ርጉእ ህዝቢ ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብ መላእ ዓለም ኣህዛብ ሃገራት መንግስታት ክጎራፈጡን ክበኣሱን ደማዊ ውግእ ከካይዱን ቀደም ኔሩ ሎሚ ውን ኣሎ። እዞም ኣህዛብን ሃገራትን መንግስታትን ዋላ እኳ እቲ ኩነታት ሃዲኡ እቲ ሽግር ካብ ዝውገድ ኣማእት ዓመታት ይሕለፍ እቲ ጽልእን ቅርሕንትን ግን ክሳብ ሎሚ ኣይተረፈን። ህዝቢ ኤርትራ ግን ነቶም ዘድመይዎን ኣሽሓት መስዋእቲ ንክኸፍል ዘገደድዎ ጸላእቱ ይቕረ ክብል ዓመታትሲ ይትረፍ ኣዋርሕ ውን ኣይወሰደሉን።እዚ ዘርእየና ህዝቢ ኤርትራ ማዕረ ክንደይ ስልጡን ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ደኣ እዩ ነገር ዘይጽሕትርን ሓዊ ዘይኣጉድን እምበር ጻሕተርቲ ነገር ሓዊ ሒዞም እንተመጺኦሞስ ንርእሱ ናብ ሓዊ ተቐይሩ እዩ ንጸላእቱ ናብ ሓሙኹሽቲ ዝቕይሮም። እዚ ከኣ ምስቶም ወትሩ ሰላምና ዘይደልዩ ንዓና ኣጥፊኦም መሬትና ክጎብጡ ዝደልዩ ኢትዮጵያውያን ኣብ ግብሪ ዘርኣዮ ቅያ ጅግንነት ህያው ምስክር እዩ። መሬት ኤርትራ ውን ከምቲ ብኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ወትሩ ዝንገረና „ መሬት ኤርትራ ቅዱስ መሬት እዩ ፡ ነዚ ቅዱስ መሬት ብዓመጽ ክጎብጥን ክወርርን ዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ እታ መሬት ባዕላ ክትዋግኦ እያ፡ እዛ ቅድስቲ መሬት ንጸላእታ መቓብር እምበር መዐንደሪት ኣይትኸውንን እያ „ ። እዚ ሓቀኛ ኣበሃህላ ናይ ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ከኣ ኣብ ግብሪ እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ንኤርትራ ክወርሩ ዝመጹ ኩሎም ወረርቲ ኣብ ኣጻድፍን ስንጭሮታትን ማያት ቀይሕ ባሕርን ኣጻምእ ቦታታት ደንካልያን ሃሊቖም ተሪፎም እዮም፡ ሬስኦም ንቡር ቀብሪ ስኢኑ ቀለብ ኣራዊት መሮርን ኣሞራታት ሰማይን ኮይኑ እዩ ተሪፉ። ማያት ቀይሕ ባሕሪ ነቶም ብመራኽብ ንኤርትራ ክጎብጡ ዝመጹ ወረርቲ ኣየሕልፍን ኣየእቱን ብምባል ማዕበል ኣተንሲኡ ቀለብ ዓሳታት ጌርዎም እዩ። እቲ ብናይ ሕብረት ሶቭየት ነበርን ሰዓብታን ማእለያ ዘይብሉ ኣጽዋርን ናይ ውግእ ክኢላታትን ሶቭየት ክሳብ ኣፍንጭኡ ዓጢቑ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ሳምንታት ከጥፍኦ ዝተበገሰ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ዘይሓሰቦ ኮይኑዎ ሰራዊቱ ከም ፍሊት ዝነፋሕካሉ ሃመማ ምስ ረገፈ ብኣካል ንሳሕል ኣልገን ከይዱ። ንሱ ብክሻፋ ጌሩ ዝርእዮም ተጋደልቲ ስኢኑ። ንሰራዊት ኪዱ ኢሉ የፋንዎም። መላስ ኣውያት ዘይብሎም ይምለሱ። ካልኦት ይሰድድ ንሳቶም ውን ከምኡ ምስ ኮኑ ከምዚ ክብል ተዛሪቡ ኔሩ። ንዓና እዞም ቊንጣሮ ዘያኣክሉ ወንበዴታት ኣይኮኑን ዝዋግኡና ዘለው ፡ እቲ ገያጽ መሬቶም እዩ ዝዋጋኣና ዘሎ ክብል ምዝራቡ ይዝከር። እወ ወዮ ደኣ ኢትዮጵያውያን ኣዛዊሩ ዝሓስብ ኣእምሮ ዘይተዓደሉ ኮይኖም እምበር መሬት ኤርትራን ኤርትራውያንን እኮ ኣደን

ውሉድን ኢና።ኣደ ንውሉዳ ኣብ ሕቝፉ ሓቝፋ እያ ካብ ኩሉ ተጻባኢ ትከላኸለሉ። ኣዴታትና ውን እኮ ቀደም ሰብኡተን ኾናት ክገጥሙ እንከለዉ እኽለ ማይ ሒዘን እናዓንገላን ኣጆኹም እናበላን ብደርፊ ቅስሚ ጸላእተን እናሓምሸሻን በርበረ ሒዘን ዓይኒ ጸላእቲ እየን ዝደፍና ኔረን ሎሚ ውን ከምኡ። መሬት ኤርትራ ንደቃ ኣብ ሕቐፉ ሓቝፉ ካብ ጸላኢ ኣዕቍባ ንጸላኢ ምስ ደቃ ኮይና እያ እተጥፍእ። ከም ኣብነት እንተ ወሲድና መሪሕ ውድብ ህ.ግ. ኣብቲ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ዝገበረሉ ግዜ ንጸላኢ ኣብቲ ዝጥዕሞ ቦታ ኣእትዩ ንምጭፍላቕ ዝመረጾ ሳሕል እዩ። ልክዕ ስትራተጂካዊ ቅርጺ መሬት ሳሕል ንጀጋኑ ኤርትራውያን ኣዕቍቡ ነቶም ወረርቲ ዝሓምሸሸ እዩ።ኣብ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ሳሕል ዝሃለቐ ሰራዊት ኢትዮጵያ እንተዝቝጸር ክንደይ ኮን ምኾነ ? ዓለም'ከ እንታይ ኮን ምበለት ? እታ ሕስርቲ ጭፍራ ወያነ ውን ንርእሳ ኣብ ሳሕል ዓኹኺን ተማሂራን ኣብ ዝብጻሕ ከም ዘይበጽሐት ንኤርትራ ከተጥፍእ ኣብ ዝወልዓቶ ኾናት ውን እንተኾነ እቲ ቅዱስ ህዝቢ ኤርትራን መሬት ኤርትራን ከም ዘይድፈር ኣርእይዋ እዩ። እዞም በታ ሕስርቲ ጭፍራ ዝምርሖ ኢትዮጵያውያን እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣጥፊእካ ንኤርትራ ምጉባጥ ዝብል ሕልሞም ገና ስለ ዘይገደፎም ኣብዚ ግዜ እዚ ውን ካልእ ሓሳብ ኣምጺኦም በቶም ዓንገልቶምን ዘወርቶምን ናይ ምዕራብ ሃገራት ንዓሰብን ከባቢኣን ብሓይሊ ቆሪጾም ክሕዙ ኩሉ ኣጽዋሮምን ሰራዊቶምን ኣብቲ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ጂቡቲን ዘዳውብ ሚለ ዝተባህለ ከባቢ ክኣኻኽቡ እዮም ሓግዮም። ኣሜሪካን እንግሊዝን ኢትዮጵያውያን ሓንሳብ ንዓሰብ ቆሪጾም ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሮም እንተደኣ ኣእትዮማ ንሳቶም ውን በተን ኣብ ባብ ኤል መንደብ ዘለዋ ጭፍራ ውግእ መራኽቦም ጌሮም ክከላኸሉላ ምኺኖም ቃል ኣትዮሙላ ኔሮም። ወዳጆ ምቝራጽ ! ንዓሰብ ቆሪጻን ክሕዛ ክሳድ ምቕራጽ ዘይእግሞ ሓርበኛ ኤርትራዊ ከም ዘሎ ዘንጊዐሞ ድዮም ! ንሕናስ ምስ መሬትና ኣብታ መሬትና ኣለና ዕምሩ ዝሓጸረ ይምጻእ እሞ ኣብኣ ይረኽባኣ። እንተኾነ ባዕላ ደንካልያ ፡ ደቃ በዓል ናብሮን ሲረሩን እቲ ጉዳይ ስለ ዝደንጸዎም ባዕሎም ነዞም ወረርቲ ሓዊ ተፊኦም ይልምጽዎም ኣለዉ። መሬት ኤርትራ ቅዱስ መሬት መዓስ ብቐሊሉ ይድፈር ! እወ ናብሮን ሲረሩን ውጥን ወረርቲ ንምሕምሻሽ እነሆ ሓዊ ተፊኦም ሓሙኽሽትን መርዛም ጋዝን ይፍንዉሎም ኣለዉ። እቲ ዶሮናን ሓሙኽሽትን መርዛም ጋዝን ትክን ትኽ ኣቢሎም ናብ ኢትዮጵያ ብምቕናዕ ንብምልእታ ኢትዮጵያ ይደፍንዋ ኣለዉ። እሞ ከኣ ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብቲ ሰማእታትና እንዝክረሉ ወርሕን ጸላእትና ድማ ነታ ብሳላ ሰማእታት ዝረከብናያ ነጻነት ኣጥፊኦም ንምጥፋእና ኣብ ዝዳለውሉ ቅንያት ናብሮን ሲረሩን ምትንስኦም እቶም ኣብ ከርሲ መሬት ኤርትራ ዘለዉ ሰማእታት መሬቶም ንምክልኻልን ጸላእቲ ንምጥፋእን ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም እዩ ዘርእየና። እወ ኢትዮጵያ ኣብዚ እዋን እዚ ሰማያ ብትክን ዶሮናን መርዛም ጋዝ ( so2   Sulpher dioxide ) ተዓብሊኹ ይርከብ። እዚ መጀመርትኡ እዩ ድሒሩ ዝመጽእ ላቫ (Lava) ካብ ከርሲ ምድሪ ዝወጽእ ናይ ምካኽ ኣካውሕ ውሕጅ ሓዊ ገና ዝኸፍአ ኣሎ ። ኤርትራውያን ሰብና ሓዊ ዝተፍእ እሳተ ጎሞራ መሬትና ውን ሓዊ ዝተፍእ እሳተ ጎሞራ ኢና። እወ ናብሮን ሲረሩን እምበኣር ኣብቲ ልክዕ ንጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ከጥፍእሉ ዝግብኦም ሰዓት እዮም መጺኦም። መሬት ኤርትራ ንህዝባ መዓርን ጠስምን ወርቅን ኣልማዝን ስጋን ዓሳን እትምግብ ቅድስቲ መሬት፡ መሬት ቅዱስ ህዝቢ እያ። ንጸላእታ ድማ ዓጋቲ ዘይብሉ እሳተ ጎሞራ ሓዊ ተፊኦም ንጸላእቶም ዝልምጹ እዮም ። ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘሎኻ ኤርትራዊ ኣጆኻ እመን ተኣማመን ንስኻ ንኤርትራ ሒዝካ ኤርትራ ድማ ንዓኻ ሒዛ ንዘለኣለም ኣይትድፈርን እያ !

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትናን !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !